# ጥንታዊት ግብጽን ፈለግ ኒልን

## ጥንታዊት ግብጽን ፈለግ ኒልን

ኣብ ጥንታዊት ግብጺ እቲ ድበዘሐ ኣካል ናይታ ሃገር ብምድረበዳ ድተሸፈነ ኢዩ ኔሩ።
ብዘይ ፈለግ ኒል፡ ደቂሰባት ኣብኡ ክነብሩ ኣይምተኻእለን ኔሩ። ኒል ኣብ ዓለም እቲ ድነወሐ ፈለግ ኢዩ፡ ድተፈላለያ ሃገራት ኣቋሪጹ ከኣ ይሓልፍ። እቲ ድሰፈሐ ክፋሉ ኣብ ግብጺ ኢዩ ብኡ ኣቢሉ ከኣ ናብ ማእከላይ ባሕሪ ይፈስስ።

ልክዕ ከም ኣብ መሶፖታምያ እዚ ፈለግ ኣብዚውን ንሕርሻን ስረትን ኣገዳሲ ኢዩ ኔሩ። ኣብ ግብጺ ኣብ ውሱን እዋናት ናይ ዓመት ዕልቕልቕ ይመጽእ ነበረ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ዓመት ካብ ሓምለ ክሳብ ጥቅምቲ ናይ ዕልቕልቕ ግዜ ነበረ። ግብጻውያን ነዚ ናይ ዕልቕልቕ ግዜ ይፈልጥዎ ስለድነበሩ፡ ኣብ ዙርያ እተን ከተማታትን ግራውትን ተወሰኸቲ መከላኸሊ ዕርድታት ብምግባርን ዲጋታቶም ጥርሑ ብምግባርን ይዳለዉ ነበሩ። እቲ ዕልቕልቕ ግን ከምቲ ናይ መሶፖታምያ ከቢድ ኣይነበረን።

ብጣዕሚ ብዙሓት ግብጻውያን ሓረስቶት ነበሩ። ኣትክልቲ መግቢ የልምዑ፡ እንስሳ ዘቤት ኔረንኦም፡ ይሃድኑን ዓሳ ይገፉን ነበሩ። ገሊኦምውን ኢደስርሓት ይሰርሑ ነበሩ ንኣብነት ከም ነደቕቲ፡ ሰራሕቲ ሕብስቲ፡ ሰራሕቲ ጀላቡን ሓጎድትን ነበሩ።

እቶም ሓረስቶት ኣብ ግራውቶም እተን ኣንስቲ መሳርሒታት ድኣልማሉ ሊኖ የልምዑ ነበሩ። ኣብ ስፍሓት ገማግም እቲ ፈለግ እቶም ስድራቤታት ፓፒሩስ ድበሃል ፍሉይ ዓይነት ሻምብቆ ይእክቡ ነበሩ። ካብዚ ሻምብቆ እዚ ከም በዓል ሰንደል፡ ጃላቡን ወረቐትን ይሰርሑ ነበሩ። እዚ ወረቐት ድብል ቃል ካብዚ ሻምብቆ እዚ ኢዩ መጽዩ።

ግብጻውያን ሄሮግሊፍ ድበሃል ኣገባብ ጽሕፈት ኣማዕበሉ። እቶም ኣብ መሶፖታምያ ዝነበሩ ኣብ ናይ ጭቃ ሰሌዳ እናጸሓፉ ከለዉ ግብጻውያን ኣብ ፓፒሩስ ይጽሕፉ ነበሩ።.

 

*ንግብጻውያን ሰራሕቲ ጃልባን ጽሕፈት ሄሮግሊፍን ደርኢ ስርሓት ስነጥበብ*



Tekst og bilder hentet fra Zmekk.no i samarbeid med NAFO – Nasjonalt senter for flerkulturell opplæring

## ፎርኦን

ኣብ ግብጺ እቲ ንጉስ ሓያል ነበረ። ንሱ ኣብ ሓደ ዓብን ጽቡቕን ገዛ፡ ፓላሶ ይቕመጥ ነበረ ድዓበየ ስርሑ ድማ እቲ ህዝቢ ጽቡቕ ምህላዉ ምክትታል ነበረ። ግብጻውያን ንሱ ወዲ ኣምላኽ ኢዩ ኢሎም ይኣምኑ ነበሩ ስለዚ ደፊሮም ብሽሙ ኣይጽውዑን ነበሩ። ፎርኦን ኢሎም ይጽውዕዎ ነበሩ፡ ትርጉሙ ከኣ "ዓቢ ገዛ" ማለት ኢዩ። ፎርኦን ሙኺን ካብ ኣቦ ናብ ወዲ እንዳተወራረሰ ድኸደ ነበረ። እቶም ተቐማጦ ነቲ ፎርኦን ቀረጽ ግድን ይኸፍሉ ነበሩ። ከምዚ ሎሚ ንገብሮ ደለና እቲ ቀረጽ ብገንዘብ ኣይኮኑን ድኸፍሉ ኔሮም፡ እቲ ፎርኦን ካብ ኩሉ ኣብታ ሃገር ብልምዓት ድፈረየን ድተሰርሐን ነገራት ብጽሒት ይወስድ ነበረ።

እቲ ፎርኦን ዲጋታት፡ መትረባትን ቤተጸሎትን ይሃንጽ ነበረ። እቶም ህዝቢ ድማ ግድን ይሕግዙ ነበሩ።

**ፒራሚድ**

ግብጺ በቶም መቓብር ናይ ገለ ንገስታት ናይታ ሃገር ድኾኑ ዓበይቲ ፒራሚዳት ኣብ ዓለም ፍልጥቲ ኢያ። ግብጻውያን ኣብ ድሕሪ ሞት ደሎ ሂወት ይኣምኑ ነበሩ ስለዚ እቶም ነገስታት ኣብ ጽቡቕ ክቕበሩ ኣገዳሲ ነበረ። ኣብቲ ድቕጽል ሂወቶም ድጥቀምሉ ከኣ ብዙሕ ወርቂ፡ መግቢ፡ ክዳውንትን ብረትን ምስኦም ይቕበር ነበረ። ነቲ ኣስከሬን ንምዕቃብ ድማ ነቲ ኣካላት ብባንደጅ ብምጥቅላል ሙሚ ይሰርሕዎ ነበሩ።

መጀመርያ እቲ ኣስከሬን ብፍሉይ ኣገባብ ይሕጸብ። ብድሕሪኡ ብዘይካ ልቢ ኩሉ ናውቲ ክብድን ሓንጎልን ብምውጻእ ኣብ ናይ በይኑ መቐመጢ (ጠርሙስ) ይግበር። ሽዑ እቲ ኣስከሬን ብድተፈላለየ ቅብኢን ዘይቲን ይልከ። ቀጺሉ ብሙልኡ እቲ ኣካላት ብነዊሕ ባንደጃት ይጥመር። ኣብ መወዳእታ እቲ ሙሚ ስእሊ ናይቲ ዝሞተ ብላዕሊ ብምግባር ኣብ ፍሉይ ሳንዱቕ ሬሳ ይኣቱ።



*ፎርኦናት፡ ከኦፕስፒራሚድን ሙሚን ደርኢ ስእሊ*

ብዙሓት ፎርኦናት ከምኡውን ገለ ኣዝዮም ሃብታማት ሰባት ኣብ ናይ በይኖም ፒራሚድ ይቕበሩ ነበሩ። ኣብ ግብጺ ኣስታት ሓምሳ ድኾኑ ፒራሚዳት ተሃኒጾም። እቲ ድዓበየ ኬኦፕስፒራሚድ ይበሃል ብስም ናይቲ ኣብኡ ድተቐበረ ንጉስ ኬኦፕስ (ካብ ከባቢ 2589 ክሳብ 2566 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ድነገሰ) ኢዩ ከኣ ተሰምዩ። እዚ ፒራሚድ እዚ ካብዛ ናይ ሎሚ ርእሰ ከተማ ግብጺ ካይሮ ውጽእ ኢልካ ድርከብ ስፍራ ኣብ ምድረበዳ ጊዛ ተደኲኑ ይርከብ። ኣብቲ ኣብ ጎኒ ከተማ ሉጹር ድርከብ ስንጭሮ (ለሰ) ናይቶም ነገስታትውን ሙሚታትን መቓብር ነገስታትን ተረኣኺቡ ኢዩ።

## ፈሊጥኩም'ዶ?

- 96% ናይ ግብጺ ምድረበዳ ኢዩ።
- ኒል ቁመቱ 6500 ኪ.ሜ ኢዩ።
- ናይ ግብጺ ፒራሚዳት ሓደ ካብቶም ናይ ዓለምና ሸውዓተ ኣደነቕቲ ስራሓት ምዃኖም! (እቶም ድተረፉ ሽዱሽተ ኣየኖት ኢዮም ክትረክብ ትኽእል'ዶ?)
- ኬኦፕስፒራሚድ ቁመቱ 137 ሜትሮ ኢዩ 2½ ሚልዮን ዓበይቲ ኣእማን ከኣ ተነዲቑ።
- ጫፍ ናይቲ ፒራሚድ ወርቂ ኢያ ኔራ።
- ካልእ ፍሉጣት ፒራሚዳት ኣብ መክሲኮን ፔሩን ይርከብ።
- ብዙሓት ሰረቕቲ ምስ ግዜ ኣብቲ ፒራሚድ ድነበረ ኩቡር ነገራት ሰረቕዎ።




## ዕዮታት

ነዞም ኣብ ላዕሊ ደለዉ ፊደላት ብግቡእ ተዓዚብ ነቶም ቃላት ከኣ ናብ ኖስክ ተርጉሞም።

 ______________________________

 ______________________________

 ______________________________

 ________________



Tekst og bilder hentet fra Zmekk.no i samarbeid med NAFO – Nasjonalt senter for flerkulturell opplæring